ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፍሳስን ከተማ ፍረወይኒ ንግልጋሎት ዝርግሐ ማይ ዘገልግሉ ትቦታትን መገጣጠሚኦምን ከምኡ እውን ናይፅሕፈት መሳርሕታትን ኤሌክትሮኒክስ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ዕድጊት ክፍፅም ይድሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 19, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 3, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:ፍረወይኒ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 4, 2016 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ረቋሕታት

1. ቲን ካርድ፣ ናይቲ ዝወዳደርሉ ንግዲ ዘርፍ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መቕረባይነት ኮፒ ከቕርብ ዝኽእል።

2. ቫት ተመዝጋባይ ዝኾነን ቫት ተመዝጋባይነት ሰርትፊኬት ከቕርብ ዝክእልን ናይቲ ዘርፊ ናይ ወርሒ 2016ዓ/ም ዲክሊር ዝገበረሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል።

3. ሰነድ መግዝኢ ጨረታ ዘይምለሰ 100 ብር (ሚኢቲ ብር) ከፊሎም ካብ ዕለት 15/04/2016ዓ/ም ክሳብ 03/05/2016 ዓ/ም ካብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ ፍረ-ወይኒ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ብምውሳድ ዋጋ መሊኡ ብሽምዒ ዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ጨረታ ሳንዱቕ ከእትዉ ዝኽእል።

4. ጨረታ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይም ብስፒኦ/cpo/ ብር 10,000(ዓሰርተ ሽሕ ብር) ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ምስ ጨረታ ሰነድ ሓቢሩ ናብ ጨረታ ሳንዱቕ ከእትዉ/ክትሓዝ/ ዝኽእል።

5. ቤት ፅሕፈት ክሳብ 20% ናይቲ ዝተሰዓረ መጠን ናይ ምውሳኽን ምቕናስን /ምንካይን / መሰል ኣለዎ።

6. እቲ ጨረታ ኮነ ኢሉ ዘዛበዕ ወይ ከጭበርብር ዝሞኮረ ካብቲ ጨረታ ክውፅእ ተገይሩ ዘትሓዞ ጨረታ መኽበሪ ተወሪሱ በቲ ናይ ክልል ትግራይ ዕድጊት መምርሒ ዝደንገገ መሰረት ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

7. ድሕሪ ጨረታ ምኽፋቱ ዝኮነ ይኹን መማሓየሺ ሓሳብ ኣብ ጨረታ ሰነድ ምግባር ብፍፁም ኣይፍቀድን።

8. ኣብቲ ከይዲ ጨረታ ቅሬታ እንተሃልዎ ጨረታ ውሳኔ ካብ ዝርከበሉ ዕለት ጅሚሩ ኣብ ወሽጢ 3 መዓልቲ ናይ ስራሕ መዓልትታት ቅሬትኡ ናብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ ፍረወይኒ ብፅሑፍ ክቕርብ ይኽእል።

9. ሰዓራይ ናይ ዝስዓሮ ጠቕላላ ዋጋ 10% ውዕሊ መክበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ብምትሓዝ ኣብ ዝተወሃቦ ናይ ስራሕ መዓልቲ 3' መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ናይ ዝሰዓሮ ንብረት ናይ ትራንስፖርት፤ መፅዓነን መራገፍን ባዕሉ ሸፍኑ ናብ ቤት ፅሕፍት ግልጋሎት ቀረብ መሰተ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ከቕርብ ዝኽእል።

10. ተጫራታይ ካብ ናይ ዕድጊት መምርሒ ወፃኢ ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ሂቡ እንተተዋዳዲሩ ሳዓራይ ኣብ ዝኮነሉ በቲ ናይ ዕደጋ መምርሒ ዝተኣናገድ ምኧኑ ፈሊጡ ናይ ባዕሉ መምርሒ ከቕምጥ ከም ዘይብሉን እንተቕመጠ እውን ተቐባልነት የብሉን።
11. ናይ ጨረታ መኽበሪ ገንዘብ ዘትሓዙ ተጫረቲ ጨረታ ዝስዓረ ኣካል ውዕሊ ምስ ኣሰረ ሸው ንሸው ይምለሰሎም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12. ናይ ተጫራታይ ሽም ፤ ፊርማ፤ኣድራሻን ማህተም ክህልዎን ስርዝ ድልዝን ዘይብሉ ዋጋ ክምልእ ዝኽእል

13. ሰዓራይ ዝስዓሮ ንብረት በቲ ዝድለ መግልፂ ኦርጅናል ምዃኑ ብበዓል ሞያ እናተረጋገፀ ኣታዊ ይገብር።

14. እዚ ጨረታ ዕለት 03/05/2016 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ድሕሪ ሰዓት 9:00 ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ ፍረወይኒ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫራታይ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላቶም ተዘይተረኺቦም ግና ቤት ፅሕፈት ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ኣብ ዘየለዉሉ እውን ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

15. ሰዓራይ ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሸጢ 15 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዝስዓሮ ንብረት ጠቕላለ ከቕርብ ዝኽእል

16. ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ ኣማራፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብመሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ብሰልኪ ቁፅሪ 0344470092

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle